መቐለ ፖሊ ቴክኒክ ኮሌጅ ዝተፈላለዩ ኣቅሑት ማለት እውን ናይ መኪና መለዋወጢ እቕሑት ፣ ናይ ኤሌክትሪክ እቕሑት ፣ ናይ ህንፃ መሳርሒ ኣቅሑት ፣ ናይ ቢሮ ኣቕሑት /ፈርኒቸር ፣ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቕሑትን ፣ ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ኣቕሑትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ መጋቢት 18, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 10, 2017 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ብቢ ሎቱ ይፈላለ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 10, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቁፅሪ 01/2017 ዓ/ም

መቐለ ፖሊ ቴክኒክ ኮሌጅ ዝተፈላለዩ ኣቅሑት ማለት እውን

1. ናይ መኪና መለዋወጢ እቕሑት

2. ናይ ኤሌክትሪክ እቕሑት

3. ናይ ህንፃ መሳርሒ ኣቅሑት

4. ናይ ቢሮ ኣቕሑት /ፈርኒቸር

5. ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቕሑትን

6. ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ኣቕሑትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

በዚ መሰረት እዞም ዝስዕቡ ረቓሒታት (መምርሒ ተጫረቲ) እተማልኡ ተጫረቲ ኣብ ኮሌጅና እናመጫእኹም ሰነድ ጨረታ

ብምውሳድ ክትወዳደሩ ትኽእሉ።

1/ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ በቲ ዘፈር ዘለኩም።

2/ ናይ ግብሪ ክፈላይነት መፍለዪ ቁፅሪ /TI/ ዘለኩም።

3/ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ መቕረባይነት ሰርተፊኬት ዘለኩም ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

4/ 2% Withholding tax ክኸፍል ዝኽእል።

5/ ናይ VAI(ተወሳኺ እሴት ታክስ) ተመዝገብቲ ዝኽንኩምን ናይ ወርሒ ለካቲት 2017 ዓ/ም ዲክላሬሽን ክተቕርቡ እትኽእሉን።

6/ ነዚ ግልፂ ጨረታ ተባሂሉ ዝተዳወ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምላስ ብር 300(ሰለስተ ሚኢቲ ብር) ብምኸፋል ካብ መቐለ ፖሊ ቴክኒክ ኮሌጅ (መሰረተ ካምፓስ) ቢሮ ቁፅሪ 08 ዳይሬክቶሬት/ዕ/ፋ/ን/ምም/ርን ካብ ዕለት 17 / 07/ 2017 ዓም ክሳብ ዕለት 09/08/2017 ዓ/ም ልክዕ ስዓት 11:00 ብምውሳድ ኣብ መወዳደሪ ደኩሜንትኹም እርጂናልን ኮፒን ብምባል ብሸምዒ ብዝተዓሸገ ፖስታ ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ምእታው ትኽእሉ።

7/ ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ዋጋ ፦

7.1. ንፅሕፈት መሳርሒ ኣቕሑት - 5000 (ሓሙሽተ ሽሕ ብር)

7.2. ንህንፃ መሳርሒ ኣቕሑት -- 6000 (ሽዱሽተ ሽሕ ብር)

7.3. ንመኪና መለዋወጢ ኣቕሑት -10000) ዓሰርተ ሽሕ ብር)

7.4. ንፈርኒቸር ኣቕሑት -6000(ሽዱሽተ ሽሕ ብር)

7.5. ንኤሌክትሮኒክስ ኣቕሑት -- 3000 (ሰለስተ ሽሕ ብር)

7.6 ንኤሌክትሪክ ኣቕሑት -- 4000 (ኣርባዕተ ሽሕ ብር)

ኮይኑ ጨረታ መኽበሪ ዋጋ ብ CPO ፣ ብጥረ ገንዘብ ወይ ድማ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ክተትሕዙ ትኽእሉ ።

8/ ተጫረቲ እተቕርቡዎም ዶኩሜንታት ስርዝ ድልዝ ዘይብሎምን ብግልጺ ዝንበቡን ክኾኑ ኣለዎም ።

9/ ተጫረቲ ንፕሪንተራትን ንፎቶ ኮፒን እተቕርቡዎም ቀለማት ናይ ደገን ናይ ውሽጥን ሲሪያል (Serial No.) ዘለዎ ኦርጂናል ኮይኑ ን 6' ወርሒ ውሕስና(ጋራንቲ) ክትህቡ እትኽእሉ ።

10/ እቲ ጨረታ ዕለት 10/08/2017 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:00 ተዓዕዩ/ተዓሸጉ/ በዚ ዕለት ልክዕ ሰዓት 3:30 ኣብ መቐለ ፖሊ ቴክኒክ ኮሌጅ ቢሮ ቁፅሪ 08 ዳይሬክቶሬት/ዕ/ፋ/ን/ምም/ርን ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ይኸፈት ።
ተጫረቲ ብዘይ ምርካቦም ግን እቲ ምኽፋት ጨረታ ኣይተኣጎልን ።

11/ ኮሌጅና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብምሉእ ኮነ ብኸፋል ናይ ምስራዝ መሰለ ዝተሓለወ እዩ።

12/ እቲ ጨረታ ምስተኸፈተ ኮሌጅና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ከሳብ 20% ክውስኽ ወይ ድማ ክቕንስ ይኽእል እዩ።

13/ ተጫረቲ ድሕሪ ውዕሊ ምእሳርኩም ዝሰዓርኩምዎ ንብረት ብናይ ባዕልኹም ትራንስፖርት ናብ ኮሌጅና እተቕርቡ ይኸውን ።

14/ ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 03-44-40-45-92 ደዊልኩም ምሕታት ትኽእሉ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle